# ሰብ ጽኑዕ መትከል።

ሰብ ኣለዋ እዛ ሃገር፣

ጽኑዕ ብመንነቱ ዘይደናገር፣

እንትርፎ ህዳት ዘይብል ሽገርገር።

  ህዝቢ ኣለዋ እዛ መሬት፣

  ምእንታኣ ደው ኢሉ ዝሟጎት፣

  ድሕር ዘይብል ንምኽፋል ሂወት።

ዓቃል ዘይፎቱ ጫውጫውታ፣

ህርመት ልቡ ሓንቲ ትርግታ፣

ተዛረቦ ቓል ዘይወድቕ ባይታ።

  ስምዑለይ ረኣዩለይ ኣይኮነን ኣመሉ፣

  ስርሑ የሰላስል ተቕኒቱ ዓቕሉ፣

  ቀስብቐስ ዓለም ዛምነሉ።

ዋላውን  እቶም ጎበጥቲ ጎሓላሉ፣

ቅንዕና ምሳና ከምዘሎ ዛኣምኑሉ፣

ጥቕሞም ስለ ዘይተሓሎ'ዮም ኣንጻርና ደው ዝብሉ።

  ጽንዓት ህዝብና ሓድነት ፍቕሩ፣

  ብዙሓት ፈቲኖም ከሰባብሩ፣

  ብዝመጹ ይምጹ ዱልዱልዩ ሱሩ።

ቀደም ተመሲሉ ህዳት ከም ጎብየ፣

ኣይንብልን ዘብዘብ መምስ ዝጎየየ፣

ንኹሉ ንሰግሮ ማዕበል ምስ ዛረየ።

  ኣይንጽበን ማና ከወርድ ካብ ሰማይ፣

  ኢድና ኣጣሚርና ኣይንልምንን ስርናይ፣

  ስለ ንርዳእ ሃቡኒ ከም ዝገብር ግናይ።

ርእሰ ምርኮሳ ጽኑዕ መትከልና፣

ነብስና ክንክእል መንዩ ዝዓግተና፣

እንሆ ይረኤ ፍረ ጻዕርና።

እቶም ዝሓሰቡ ክሕልኹ ኣእጋርና፣

ዝፍትኑ ከም ቆልዓ እሩሩ ክብሉና፣

ብተግባር ይርኣዩ ፍረ ረሃጽና።

ቁጽርና ይብሉዎ ዉሑድ ቁንጣሮ፣

ሃገርና ይገልጹዋ ስፍሓታ ሜትሮ ብሜትሮ፣

ግን ይፈርሁ ምግላጽ ዘሎና ሃብታም ተሞኩሮ።

ተሞኩሮ ዝኸውን ጽቡቕ ኣብነት፣

ጭኩናት ዝሕግዝ ክወጹ ካብ ባርነት፣

መንገዲ ዝኸፍት ምስባር ኣርዑት ሃጻይነት።

መትከልና ካብ ኮነ ጽቡቕ ኣብነት፣

ጽንዓትና ይቐጽል ብተወፋይነት፣

ኣይንጠራጠርን ናህና ምኧኑ ዓውት፣

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።